ኤውሮፓዊ ሕብረት: ስደተኛታት ይቐትል ኣሎ። መገዲ ባሕሪ እምበር ተጻብኦታት ባሕሪ ኣየድልየናን እዩ (Ferries not Frontex!)

ጋዜጣዊ መግለጺ፡ 19 ሚያዝያ 2015

ናብ ሎሚ ሰንበት 19 ሚያዝያ ኣብ ዘውግሐ ለይቲ 650 ስደተኛታት ኣብ ማእከላይ ባሕሪ ሃሊቖም። እቶም ካብ ሊብያ ናብ ዓዲ ጥልያን ዝጓዓዙ ዝነበሩ ስደተኛታት፡ 73 ማይልስ ሰሜናዊ ገማግም ባሕሪ ሊብያ ምስ በጽሑ፡ 'ኪንግ ጃኮብ' ዝተባህለት ዓባይ መርከብ ንክትሕግዞም ምስ ቐረበቶም ተጻዒኖማ ዝነበሩ 30 ሜትሮ ዝንውሓታ ጃልባ ብምግጣላ እዮም ሃሊቖም። ካብቲ ሓደጋ 28 ሰባት ጥራይ ድሒኖም።

ኣብ'ዞም ዝሓለፉ ቀረባ ታሪኽ ተርእዮታት ማእከላይ ባሕሪ፡ ምጥሓል ናይ'ዞም 650 ስደተኛታት እቲ ዝኸፍአ ህልቒት ምኻኑ ይንገረሉ። ኤውሮፓዊ ሕብረት ብ 27 ነሓሰ 2014፡ ብዝሕን ዓቀን ናይቶም ኣብ ባሕሪ ተዋፊሮም ዝነበሩ ኣባላት ስርሒት ሂወት ኣድሕን ንኽንኪ ኣዊጁ። ኤውሮፓዊ ሕብረት ኣብ ማእከላይ ባሕሪ ሓደጋ ንዘጋጠሞም ስደተኛታ ንምሕጋዝ እኹል ዓቕምን ተኽእሎን ኣለዎ። ናይ ሂወት ኣድሕን ስርሒታቱ ብምንኻዮ ግን ስደተኛታት ንሞት ፈሪድዎም፡ በዚ ድማ እቲ ቀዳማይ ተሓታቲ ብህልቂት እዞም ስደተኛታት ኤውሮፓዊ ሕብረት እዩ።

ንሕና Watch The Med Alarm Phone ዝተባሃልና ግዱሳት፡ ነቲ እቶም ግዳያይ ኣብ ባሕሪ ዘሕልፍዎ ናይ ሞትን ህይወትን ቃልስን ነቲ ሻቕሎት ኣዝማዶምን ናይ ቀረባ መሰኻኽር ኢና። ብተወሳኺ፡ እቲ ኣባላት ሓለዋ ገማግም ባሕሪ ዓዲ ጥልያንን ማልታን ከምኡ'ውን ኣባላት መራኽብ ንግዲን፡ ሂወት ስደተኛታት ንምድሓን ዝገብርዎ ዘይሕለል ጻዕሪ'ውን ንምስክረሉ ኢና። ንስርሒታት ሂወት ምድሓን ዝበቕዕ መሳርሕን መሳለጣትያታትን ስለ ዘይብሎም ግን እዚ ኩሉ ጻዕሮም ነቶም ስደተኛታት ካብ ሞት ከድሕኖም ኣይካኣለን። እዚ ድማ ብሰንኪ ፖለቲካዊ ውሳኔ ኤውሮፓዊ ሕብረት እዩ።

ኣብ ዝሓለፉ 25 ዓመታት፡ ቀንዲ ምክንያት ሞት ዓሰርታታ ኣሽሓት ስደተኛታት ኣብ ማእከላይ ባሕሪ፡ ዕርድታት ኤውሮፓ እዩ።

ናይ'ዚ ኩሉ ተሓተቲ፡

- ብሰንኪ ውሳኔታት ሕጊ ሸንገን፡ ሓፈሻዊ መስርሕ ጠለብ ቪሳን፡ ጥርኑፍ ሃድን ስደተኛታትን ቪዛ ኣልቦ ነባሮን ካልኦትን ዝተፈጥሩ ፓለቲከኛታትን ሓይሊ ፓሊስን፡
- ምስ ምቕልቃል ዓረባዊ ቀውዒ Arab Spring ጀሚሩ፡ ንዝሓለፉ 10 ዓመታት ኣብ ሞንጎ ሊብያን ዓዲ ጥልያንን ዝርኸብ ማያዊ ክሊ ማእከላይ ባሕሪ ናብ ተኣፋፊ ዞና ጸጥታ ዝቀየረ Frontex ዝባሃል ብ ፓሎቲከኛታት፡ ሓይሊ ፖሊስን ሰራዊት ምኽልኻልን ዝተመስረተ ሓይሊ ስርሒት እዩ።
- ፓሎቲካኛታት ኤውሮፓዊ ሕብረት፡ ብ 27 ነሓሰ 2014 ኣብ ብራስለስ ዝወሰንዎ ውሳኔ፡ ምጉዓል ኢጣልያዊ ስርሒት ሂወት ኣድሕን ማሪ ኖስትሩም Mare Nostrum ኣብ ማእከላይ ባሕሪ እዩ። እዚ ውሳኔ ብ ስርሒት Frontex's Triton ኣብ ገማግም ዓዲ ጥልያን ንምግታእ ዋሕዚ ስደተኛታት ዘዋፍር እዩ።

ሓላፍትነት ህልቂት ናይ ብዙሓት ስደተኛታት ኣብ ማያዊ ክሊ ሊብያን ዓዲ ጥልያንን ኤውሮፓዊ ሕብረት እዩ ዝስከሞ።

እዚ ህልቂት ሓንሳብን ንሓዋሩን ደው ክብል ኣለዎ።

ንሕና Watch the Med Alarm Phone ነዞም ዝሰዕቡ ጠላባት ነቕርብ።

- ካብ ትሪፖሊን ካልኦት ክፋላት ሰሜን ኣፍሪቃን ናብ ኤውሮፓ ስደተኛታት ዘመላልሳ ቀጥታዊ መስመር መራኽብ ክፍጠር

- ስደተኛታት ብዘይ ሓደጋ ናብ ቦታ መዕቆቢኦም ዝበጽሕሉ ውሑሰን ሕጋውን መገድታት ክፍጠር
- ልዕሊ ኩሉ ንሰሓን ፓሎቲካዊ ጸግዕን፡ ኣብ ልዕሊ እዞም ተሓተቲ  ፓሎቲከኛታትን ሓይሊ ፖሊስን ኤውሮፓዊ ሕብረት ዝግባእን ቁልጡፍን ስጉምቲ ክውሰድ።

Watch the Med Alarm Phone